ካቶሊካዊ ርእሰ ሊጳርቅና ዘበአሥመራ

አሥመራ - ኤርትራ

# “ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን፣ ወሕይወተ ዘይመጽእ፣ ለዓለም ዓለም”

በዓለ ትንሣኤ፣ ፲፪ ሚያዝያ ፳፻፲፯፣ 20 ሚያዝያ 2025

ፍቁር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያ ንጢሞቴዎስ ተመሃራዩ ኣብ ዝጽሓፋ ካልኣይቲ መልእኽቱ፣ *“ካብ እግዚኣብሔር ኣቦን፣ ካብ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታናን ጸጋ፣ ምሕረት፣ ሰላም፣ ምሳኻትኩም ይኹን”* (2ጢሞ 1:2) እናበለ ኣባታዊ ሰላምታኡ ከምዘቕረበሉ፣ ኣነውን ንነፍስወከፍኩም/ክን ነዚ ኢዮቤላዊ ምንዮተይ እገልጸልኩም/ክን።

ከምእትፈልጡዎ፣ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ኢዮቤል፣ እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን *“ነጋድያን ተስፋ”* ዝብል መጸውዒ ሂባትና ኣላ። እዚ ከኣ ዓሚቑ ትርጉም ዝሓዘለ ስያሜ እዩ። ኣብ ዕለታዊ ጸሎትና ናይ ተስፋ ስራሕ ክንደግም ከሎና፣ *“ኦ ኣምላኸይ ናትካ ቃል ሑነተይና እዩ'ሞ፣ ምእንቲ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ትሩፋት፣ ኣብዚ ዓለም ጸጋኻ ከምትህበኒ፣ ብናትካ ሥርዓት እንተነበርኩ፣ ኣብ ዚመጽእ ዓለም፣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከምትህበኒ፣ ብጽኑዕ ልቢ ተስፋ እገብር ኣሎኹ”* እናበልና ኢና ንጽሊ። ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሓቂ ብርእሳ ስለዝኾነ፣ ምእንቲ ፍቁር ወዱ ኢሉ ኣብዚ ዓለም ዘድልየና ጸጋ ከምዝህበና፣ ኣብ ዝመጽእ ዓለም ከኣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዝጽበየና ኣሚንና ውዕዉዕ ተስፋና ንገልጽ። ኣብቲ 1700 ዓመት ዘቍጸረ ኣብ ጊዜ መሥዋዕተ ቅዳሴና እንደግሞ ናይ ኒቅያ ጸሎት ሃይማኖት እውን *“ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ፣ ለዓለመ ዓለም”*፣ እናበልና ኣብ ትንሣኤ ሙታንን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ተስፋ ከምንገብር/ከምንኣምን ንገልጽ። ስለዚ፣ ኣብዚ ብሲኖዶሳዊ መንፈስ “ነጋድያን ተስፋ” ኮይንና እንጉዓዘሉ ዘሎና ዓመት ዕልልታ፣ ጸጋን፣ ምሕረትን፣ ሰላምን፣ ኣምላኽ ክንሓፍስ ዓቢይ ዕድል ተዋሂቡና ኣሎ። እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን ከም ልማዳ ነዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ቅዱስ ዓመት ብምእዋጅ፣ ሎሚ'ውን ነቲ *“ብምችእቲ ሰዓት ሰማዕኩኻ፣ ብመዓልቲ ምድኃን ረዳእኩኻ' ከምዚብሉ፣ እንሆ እታ ምችእቲ ሰዓት ሕጂ እያ! እንሆ እታ መዓልቲ ምድኀን ሕጂ እያ”* (2 ቆሮ 6:2) ዝብል፣ ንለውጢ ልብን፣ ምሕዳስ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወትን፣ ዝዕድም ቃል ኣምላኽ ተሰምዓና ኣላ። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ኣብዚ ኢዮቤላዊ ጉዕዞና፣ ቀንዲ መጸዊዕና “ነጋድያን ተስፋ” ካብ ኮነ፣ መሪሕ ጭርሖና ድማ፣ እታ “ተስፋ ኣይትኀፍርን እያ”፣ ዝብል ክኸውን ኣብቲ ንምኽፋት ዓመት ኢዮቤል ዝተዘርግሐ ሰነድ ብውዕን ቅዱስን ኣቦና ር.ሊ. ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ብወግዒ ኣፍሊጣትና ኣላ። ስም ይመርሕ ከምዝበሃል ከኣ፣ ከምቲ ስምናን ጭርሖናን ብዓቢይ ተስፋ ብትግሃትን ተወፋይነትን ክንነብርን፣ ክንሰርሕን ንዕደም ኣሎና። ዘመነ ጾም ኮነ ዘመነ ፋሲካ፣ ከምኡውን ዓመት ኢዮቤል ብምሉኡ ብጉዕዞ ተስፋ እዩ ዝምሰል።

እዚ ንበዓለ ትንሣኤ ዘዳለወና ዘመነ ጾም፣ ጊዜ ንስሓን ጸጸትን፣ ዕርቅን ድኅነትን እዩ። ብከምዚ ተቀሪብና ጥራይ ኢና ኣብቲ ሓጉስ ፋሲካ ምሉእ ብምሉእ ክንሳተፍ ንኽእል። መዝሙር ፋሲካ *“ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ ተሓጺባ በደመ ክርስቶስ”*፣ ምድሪ ከኣ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ተብዕል (ትገብር) ይብል። ጉዕዞ ጾመ ኣርብዓ ብተስፋ ትንሳኤ ክርስቶስ እዩ ዝብገስን፣ ዝድገፍን፣ ዝዛዘምን። እዚ ተስፋ እዚ እዩ ነንሓድሕድና፣ *“ብደኃን-ሰላም ናብ ብርሃነ ትንሣኤሉ ይጸንብረና”* ብምባል ምርቓናን ተስፋናን ከምንገልጽ ዝገብረና። ኣብዚ ግን እቲ ተስፋናኽ እንታይ ወይ መን እዩ? መኣስ እዩኽ ተስፋና ብግብሪ ዝፍጸም? ከመይ ገቢርና ኢናኽ ክሳዕ መጨረስታ ኣብ ተስፋና ጸኒዕና ክንጉዓዝ ንኽእል? ይከኣል ድዩኸ? ኣነኸ ኣብ መጨረስታ እንታይ ክኸወን እየ? ምድራዊ ጉዕዞና ምስ ኣብቅዐኸ እንታይ ከጋንፈና እዩ? እዚ እንፈልጦ ዓለምከ ኣብ መወዳእታኡ እንታይ ክኸውን እዩ? ዝብሉ ሕቶታት ክንሓትት ኣድላይን ግቡእን እዩ። ንኣና ንደቅሰብ እዞም ሕቶታት እዚኦም ምስ ባህርና ዝተኣሳሰሩ ምኻኖም እሞ ቅኑዕ መልሲ ክንረኽበሎም ከምዘሎና ክንፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኣብ ጸሎት ሃይማኖት ዘኒቅያ፣ *“ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን፣ ወሕይወተ ዘይመጽእ ለዓለም ዓለም”* እናበልና ወትሩ እንደግሞ ናይ እምነት ስራሕ፣ ኣብቲ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ኣብ ዝጸሓፋ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ኣነጺሩ፣ *“ትንሣኤ ሙታን ዘየልቦ እንተኮይኑስ ክርስቶስ ድማ ኣይተንሥአን። ክርስቶስ ዘይተንሥአ እንተኮይኑ ድማ ስብከትና ከንቱ እዩ፣ እምነትኩም እውን ከንቱ እያ”*(1ቆሮ 15”13-14)። *“ኣብ ክርስቶስ ዘሎትና ተስፋ ኣብዛ ሕይወት እዚኣ ጥራይ እንተ ደኣ ኮይና፣ ካብ ኩሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ነይርና”* (1ቆሮ 15:19) እናበለ ዝጸሓፎ ሓቂ ዝተመርኩሰ እዩ። ናብ ሰብ ተሰሎንቄ ኣብ ዝጸሓፋ ቀዳመይቲ መልእኽቱውን ቅዱስ ጳውሎስ፣ *“ግናኽ ኣኀዋተይ፣ ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ካልኦት ምእንቲ ከይትጕሀዩ፣ ብዛዕባ እቶም ዝሞቱ ክትፈልጡ እደሊ ኣሎኹ። ኢየሱስ ከምዝሞተ፣ ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሥአ ንኣምን ኢና። ከምኡ ድማ ኣምላኽ ነቶም ንኢየሱስ ኣሚኖም ዝሞቱ ምስኡ ከምዘተንሥኦም ንኣምን ኢና”* (1 ተሰ 4:14) ብምባል ናይ ክርስቶስ ትንሣኤን ናትና ናይ ኣመንቲ ትንሣኤን ዝተኣሳሰረ ምኻኑ የረጋግጽ። ኣብ ቆሮንጦስ ዝተላዕለ ክትዕ ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ዘይኮነ ብዛዕባ ትንሣኤ ኩሎም ዝሞቱ ሰባት እዩ። ሙታን ዘይትንሥኡ እንተኮይኖም ግን ናይ ክርስቶስ ምትንሣእ እውን ንኣናስ ትርጉም ዘይብሉ እዩ ዝኸውን። ትንሣኤ መድኃኒና ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኪነው ምድራዊ ሕይወት እዩ ዘወሰደና። በዚ ምኽንያት ከኣ ኢና ኣብ ለይቲ ፋሲካ *“ፋሲካ ብሂል ማዕዶት፣ እስመ ዐደወ እግዚእነ እሞት ወሰተ ሕይወት”*፣ ጉይታና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ስለዝተሳገረ፣ ፋሲካ ማለት ምስጋር ማለት እዩ፣ እናበልና እምነትና ንገልጽ። ናይ ክርስቶስ ምስጋር፣ ናትናውን እዩ። ብበዓለ ትንሣኤ *“ኣማን በኣማን፣ ተንሥአ እምነ ሙታን”*፣ ኣማን ብኣማን ካብ ሙታን ተንሢኡ እዩ እናበልና ክንዘምር እንከሎና፣ ንሕናውን ክንትንሥእ ምኻንና ኢና ንእሙን ዘለ'ና ማለት እዩ።

መድኃኒና ባዕሉ ንማርታ ሓውቲ ኣልኣዛር ዓርኩ፣ *"ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፣ እቲ ብኣይ ዚኣምን እንተሞተ እኳ ብሕይወት ክነብር እዩ። እቲ ብኣይ ዝኣምን ሕያው ዘበለ ኩሉ ንዘለዓለም ኣይክመውትን እዩ። እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ?"* (ዮሓ 11:25-26) እናበለ ብምሕታት፣ ድሕሪ ሥጋዊ ሞት ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዘቕጽል ኣረጋጊጹና እዩ። ንሕናኸ ከም ማርታ፣ ንኢየሱስ፣ *"እወ ጐይታይ፣ ንስኻ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾንካ ኣኣምን እየ"*( ዮሓ 11:27) ኢላ ዝመለሰትሉ ጌርናዶ እምነትና ንገልጽ? ኣብዚ ዘመን ፋሲካን ዓመት-ኢዮቤልን፣ ንእምነትና ብልቢ ክነሓድስ ንጽዓር። እምነትና ከኣ ተግባራዊ እንተኾነ እዩ ዝሕደስ። ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ብሓቂ ዝኣምኑ ከመይ ክነብሩ ከምዘለዎም ንምግላጽ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆሎሳይስ ካብ ሕጂ ንደሓር፣ *"ኣእምሮኹም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቕልብ። ከመይ ምይትኩም ኢኹም ሕይወትኩምውን ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ። እቲ ሕይውትኩም ዝኾነ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ፣ ንስኻትኩምውን ምስኡ ብኽብሪ ክትግለጹ ኢኹም"* (ቆሎ 3:2-4) ይብሎም። ንኣናውን ሎሚ ነዚ ወርቃዊ ማዕዳ እዚ እዩ ዝደግመልና። እቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ነገራት፣ ንኣና ንደቂ ትንሣኤ ነባሪ ተስፋ ክህበና ኣይክእልን እዩ። ኩሉ እቲ ምድራዊ በራሲ፣ ሓላፊ እዩ። ኣብ ምህልላ ዘመን ፍልሰታ፣ *"ዓለም ኃላፊ፣ ከመ ቆጽለ ገዳም ረጋፊ፣ በከመ ይቤ ሄኖክ ጸሓፊ"* እናበልና እንዚሞ ሓቂ'ውን ነዚ ዘረጋግጽ እዩ።

ኣብ ምድሪ ክሳዕ ዘሎና *"ተስፋ ክንህበኩም፣ ሽግርኩም ክንፈትሓልኩም"*፣ ዝብሉና ኃይልታት ብዙኃት እዮም። ናይ ዘመንና ጣያታት፣ ከም እኒ ምድራዊ ሀብቲ፣ ስልጣን፣ ምቾት፣ ሥጋዊ ፍትወት፣ ወትሩ ክማርኹና ምስ ፈተኑ እዮም። እረ *'ንሕና ኢና ኣማልኽትኹም'* ኣብ ምባል እውን በጺሖም ኣለው! እንተኾነ ከምቲ ዳዊት መዘምር ዝብሎ፣ ንሕናውን ሎሚ፣ ሰለምንታይ እዞም ናይ ሎሚ ጣያታት፣ *"'ኣበይ ኣሎ ኣምላኽኩም' ዚብሉና'? ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፣ ንሱ ዝደለዮ ኩሉ ዚገብር ኣምላኽ እዩ"* ብምባል ተባዕ ናይ እምነት ሰራሕ ክንገብር ኣሎና። እቲ ምንታይ፣ *"ጣያታቶም ኢድ ሰብ ዝገበሮም ሥርሓት ብሩርን ወርቅን እዮም። ኣፍ ከለዎም ኣይዛረቡን፣ ኣዕይንቲ ከለዎም ኣይርእዩን። እዝኒ ከለዎም ኣይሰምዑን፣ ኣፍንጫ ከለዎም ኣየጨንዉን። ኢድ ከለዎም ኣይድህሰሱን፣ እግሪ ከለዎም ኣይከዱን፣ ብጐሮሮኦም ድማ ገለ እኳ ኣየድምጹን"*(መዝ 115:2-7) ብምባል ክንነጽጎም ይግባእ። ብሓጺሩ ካብኦም ንረኽቦ ተስፋታት፣ ፋይዳ ዘይብሉ ተስፋ እዩ። እንተኾነ ብኣፍና ኢና ነዞም ዝተጠቕሱ ጣያታት ኣይንኣምኖምን ኣይንምልኾምን ንብል እምበር፣ ብግብርስ ብዙሕ ጊዜ ነምልኾም ኢና። ኣብኣቶም እውን ተስፋ ንገብር ኢና። ብዙሕ ጊዜ፣ ድሒሩ እዩ፣ ብሃማትን፣ ሓንቲ ክእለት ዘይብሎምን ምኳኖም ዝርድኣና። ዳዊት መዘምር፣ ንሕዝቡን ንካህናቱን፣ *"ኦ ሕዝቢ እስራኤል ኣብ እግዚኣብሔር ተወከሉ፣ ንሱ ዚረድኣኩምን ዚከላኸለልኩምን እዩ። ኣቱም ካህናት እግዚኣብሔር ኣብ እግዚኣብሔር ተወከሉ፣ ንሱ ረዳኢኹምን ዚከላኸለልኩምን እዩ። ኣቱም ንእግዚኣብሔር እትፈርህዎ፣ ኣብ እግዚኣብሔር ተወከሉ፣ ንሱ ረዳኢኹምን ዚከላኸለልኩምን እዩ"* (መዝ115:9-11)እናበለ፣ ኣቐዲሞም ክልብሙን፣ ተስፋኦም ኣብ መን ክንብርዎ ከምዘለዎም ከረድኦም ንርእዮ። ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ ኣብታ ናብ ሰብ ሮማ ዝጸሓፋ መልእኽቱ *"ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ክትሀብትሙስ፣ እቲ ዝኣመንኩምዎ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኩሉ ሓጐስን ሰላምን ይምላእኩም"* (ሮማ 15:13) እናበለ ኣባታዊ ምርቓ ከመሓላልፍ ንርእዮ። እዛ ተስፋ እዚኣ ከኣ ብፍጹም ዘይተሕፍረን፣ ዘይትጠልምን ስለዝኾነት ኢና፣ *"ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ፣ ለዓለም ዓለም"*፣ ብትንሣኤ ሙታንን ብዝመጽእ ናይ ዘለዓለም ሕይወትን ተስፋ ንገብር፣ እናበልና ናይ ሃይማኖት/እምነት ሰራሕ እንገብር።

ኣብዚ፣ ንታሪኽ ሕዝቢ እስራኤል ምዕዛብ እኹል እዩ። ብሰንኪ ኃጢኣቱን ጥልመቱን ብዙሕ ጊዜ ተስፋ ኣብ ምቍራጽ ይበጽሕ ነበረ። እቶም ዝኣመኖም ምድራውያን ኣማልኽቲ ሓንቲ ከምዘየሰልጡ ብግብሪ ምስ ረኣየ ግና፣ ናብቲ ሓቀይና ኣምላኹ የእዊ እሞ፣ እቲ ወትሩ እሙንን ቃሉ ዘይዓጽፍን ዘይጠልምን ኣምላኽ ድማ፣ ደጋጊሙ ብነቢያቱ ገቢሩ፣ *"ንሕዝበይ ኣጸናንዑ፣ ይብል ኣምላኽና፣ እወ ኣጸናንዑ"* (ኢሳ 40:1) እናበለ ቃል ተስፋ የሰምዖም ነበረ። ንኣና እውን ሓድሓደ ጊዜስ፣ ጽልምት ዝብለና፣ ተስፋ ክንቖርጽ ኣብ እንቐርበሉ ኩነታት ኣሎ። ንኣብነት፣ ጥዕና ክጐድለና ከሎ፣ እንፈትዎም ኣባላት ስድራና፣ ክሳቐዩን ክጠፍኡን ከለዉ፣ ኣብ ስድራና ስምምዕ ክጎድለን፣ መነባብሮ ክኸብደናን ከሎ፣ ምግቢ ዕለት ክንስእን ከሎና፣ ከም ኣብርሃም *"ኣብቲ ተስፋ ዘይብሉ ተስፋ ምግባር"* (ሮማ 4:18) ክድልየና እዩ። እዛ ተስፋ እዚኣ ድማ *"ካብ እምነት እያ"* (ሮማ 4:16) እትርከብ። እምነት ንተስፋ እምኒ መሠረታ እያ። እቲ ዝኣምን ተስፋ ይገብር እቲ ዘይኣምን ግን ተስፋ የብሉን። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ ሽዱሽተ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንሱ ብርእሱ *"እንጌራ ሕይወት"* ብዛዕባ ምዃኑ ኣስፊሑ ኣቢሉ ትምህርቲ ምስ ሃበ፣ ብዙኃት ገዲፎምዎ ከዱ። ንሱ ከኣ ነቶም ሓዋርያት *"ንስኻትኩምከ ክትከዱዶ ትደልዩ ኢኹም?"* ምስ በሎም፣ ስምዖን ጴጥሮስ ግን፣ ትቕብል ኣቢሉ፣ *"ጐይታይ! ንስኻ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ቃል ኣሎካ፣ ናብ መን እሞ ክንከይድ፣ ንሕናስ ንስኻ እቲ ቅዱስ ናይ ኣምላኽ ምዃንካ፣ ኣሚንና ፈሊጥናን ኣሎና"* (ዮሓ 6:67-69)ብምባል፣ ነቲ ኣብ ኢየሱስ ዝነበሮ ነቕ ዘይብል እምነትን ተስፋን ገለጸ። ንሕናውን ኣብዚ ዘመነ-ትንሣኤን ዓመት-ኢዮቤልን ከምኡ ዝበለ ናይ እምነትን ተስፋን ሰራሕ ክንጉብር ንዕደም ኣሎና። እቲ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ምእንታና ዝሞተ ጐይታ፣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክህበናን ክውርሰናን ቢሉ እዩ ካብ ሙታን ተንሢኡ። ኣብ ጸሎተ ፍትሓት ከምእንብሎ *"እስመ ኣልቦሙ ለኣግብርቲከ ሞት፣ ኣላ ፍልሰት"*፣ ንኣገልገልትኻ ፍልሰት/ምግዓዝ እምበር ሞት የብሎምን። ተስፋና ኣብዚ ምድርዚ ዘይተሕፍረን ድልድልትን እንተኮይና፣ ገና ኣብዚ ምድር'ዚ እናነበርና፣ ኣተሓሳስባና፣ ኣዘራርባና፣ ግብርና፣ ኮታ፣ ኩሉ ሕይወትና፣ ነዚ ወንጌላዊ ተስፋ ዘንጸባርቑ ክኾኑ እዮም። ኣብ መጨረስታ ምድራዊ ሕይወትና ድማ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንነፍስ ወከፍና፣ *"ኣታ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ፣ ብውሑድ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ፣ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ከሾመካ እየ፣ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ"* (ማቴ 25:21) ከምዝብሎ ኣይንጠራጠርን። ከምኡ ከኣ ይግበረልና። ቡሩኽ በዓለ ትንሣኤ ንኹልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ